ናይ ፖለቲካ ዕሱብ መርገጽ የብሉን

ብቁጠባዊ ድኽነት ተጠቒዑ ምስ ጸገሞ

ሰብ ኮይኑ ምስ ሰኣነ ዝጎስሞ ዝጉሰሞ

ኣብ ጥራሕ ኢዱ በዓልቲ ቤቱ ወይ ውዱ ምስዝሓሞ

ንግዝያዊ ተዓሲቡ ሕቶ ቀለብ መሊሱ ከሕክሞ

ንሰማዒ የሕጉሶ ይደንቆን'ምበር መዓስ ይገርሞ።

ዕሱብ ዝብል ቃል መኽፈቲ ኣፉ ዝገበረ

ጎይታ መብጸዓ ኣልቦ ተግባር ኣልቦ ፍረ

ቅርጻ መንግስቱ ዝጠስጠሰ ብልሳኑ ዘይስበር እምኒ ዓረ

ናይ ሎምን መጻእን ገዲፉ ዝነብር ኣብ ነበረ'ያ ነበረ

ብባህሪኡ ጽግዕተኛ ኣብ ትሕቲ ጎይቶት እናነበረ

መን ከማይ ኢሉ ይፍክር ልኡላዊ መሬት እናገበረ።

ናይ ፖለቲካ ዕሱብ ዝተነጸረ መርገጽ ከምዘይብሉ

ከም ሕብሪ ነፋሒቶ ከም ዝገላበጥ ናብ ዝተኾብሉ

ኣካ ረኣናዮ ኣቐዲምና መዘናዮ ምስ ኩሉ ኣመሉ

ሓቢርና ምሂርና እምነት ከምዘይብሉ

ንመንግስትነት ከም ዘይበቅዕ ጥርቅምቃም ዓውሉ

ዘይሓንኽ ኣብ ኢራን ተደሪሩ ኣብ ርያድ መዓሉ

መን ከማይ ዝብል ባዕሉ ንባዕሉ።

ናይ ዕሱባት ዕሱብ ማንታ ልሳኑ

ክብሪ ህዝብን ሃገርን ኣዋሪዱ ኣድኒኑ

ሓቅን ሓሶት ከመሓድር ወዲኑ

ብልሳኑ መን ከማይ ገንዘብ ዝጥምት ተቐይኒኑ

ገንዘብ ኣምላኹ ክብርታት ዘዕኑ።

እቲ ኣቐዲምና ብገምጋም ዝበጻሕናዮ

ህግደፍ ፖለቲካዊ ዕሱብ ክንብል ዝሰመናዮ

ዘይፈለጠ ክፈልጥ፡ ዝፈለጠ ክቃለሶ ዝመሃርናዮ

ክንዲዚ ግዜ ምንዋሑ'ኳ እንተዘይተጸበናዮ

እነሆ ተጋሂዱ እቲ ብርሑቕ ዝኣመትናዮ።

ኣካ ኣመነልና ባዕሉ ፖለቲካዊ ዕሱብ መርገጽ ከምዘይብሉ

ኣብ መንጎ ሃገራት ኣዕራብ ብዝነተጎ ግርጭት ተሻቒሉ

ጎይቶቱ ሽነኽ መን ምኳንካ ወስን ክብሉ ምስ ኣጨነቕሉ

ኣብ መንጎ ሓቅን ሓሶትን ተቐርቂሩ ኣዕለበጠ ከም ኣመሉ

ዝበላዕካየን ኣውጻኣየን ዘየላቡ ትእዛዝ ምስ ደርበይሉ

ንቐጠር ኮኒኑ ናብ ስዑዲያ ወጊኑ

ገዛእ ርእሱ ተዋሪዱ ሃገራዊ ክብሪ ደዊኑ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 14-06-2017